بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ



# ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነትን ምትሕግጋዝን





## ራብዐይቲ ክፋል
(ናይ መጨረሽታ)




وَأَنفِقُواْ مِن مَّا رَزَقۡنَٰكُم مِّن قَبۡلِ أَن يَأۡتِيَ أَحَدَكُمُ ٱلۡمَوۡتُ

ብሂወት እንከለና**ን** – ዓቕሚ እንከለ**ና**ን

ሰዒድ ኣሕመድ - 10/06/2018 habereta@hotmail.com

# ትሕዝቶ

## ትሕዝቶ ናይ ዝሓለፈት ክፋል 1

ትሕዝቶ ---------- 2
ዕላማ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ ---------- 4
መእተዊ ---------- 5
ንኻልኦት ምሕጋዝ ወይ ረድኤት ምሃብ ብዓይኒ እስልምና እንታይ እዩ? ---------- 7
ዘለና ርዝቂ ሕድሪ ካብ ረቢ እዩ ---------- 8
ድኻታትን ሽጉራትን ኣብ ተዋሂቡና ዘሎ ርዝቂ መሰልን ሓቅን ኣለዎም ---------- 9
ሓገዛት ምውፋይን ጽቡቕ ስራሓት ምስራሕን---------- 10
ንምንታይ ንኻልኦት ንሕግዝ ---------- 10
1. ብዓይኒ ዲን ---------- 10
2. ብዓይኒ ሳይኮሎጂ ----------11
ንምንታይ ገሊኦም ሰባት ካብ ካልኦት ንላዕሊ ናይ ምሕጋዝ ድሌትን ተበግሶን የርእዩ? ---------- 11
ንመን ከምእንሕግዝ ኣብ ኣተሓሳስባና ግደ ዘለዎ ረቛሒ ---------- 11
ንኻልኦት ምሕጋዝ ናብ ዓወት ዝመርሕ እዩ ---------- 13

## ትሕዝቶ ናይ ዝሓለፈት ክፋል 2

ትሕዝቶ----------2
ዕላማ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ---------- 4
ጥቕምታት ንኻልኦት ምሕጋዝን ምድጋፍን---------- 5
ንኻልኦት ምሕጋዝ ጥቕሚ ንነብስና እዩ----------5
ለውጢ ክትገብር ትኽእል ኢኻ----------6
ወርቃዊ ሕጊ----------6
ምስ ካልኦት ኣካላት ሕብረተሰብ ምትሕብባር----------8
ሓቅን መሰልን ጎረቤት----------8
እስልምና ንዘይኽተሉ ምሕጋዝ----------9
ንኻልኦት ምሕጋዝ ክልኩል ዝኾነሉ ኩነታት----------9
ሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ብቁርኣን መሰረት----------9
ሕውነት----------9
ዓይነታት ሓገዛት----------10
ኣብ ሽግርን ጸገምን ንዘለዉ ምሕጋዝ ግዴታ እዩ----------10
ኩሉ ኣይኮነን ኣፉ ኣወጺኡ ሓገዝ ዝሓትት - “ኣያ ዘለዎ ኣራፊዱ ይመውት”----------10
ንመን ክንህብ ኣለና?----------11
ብኸመይ ክንህብ ኣለና?----------11
እቲ ዝበለጸ ሓገዝ----------12
ብዛዕባ ምልማን----------12

## ትሕዝቶ ናይ ዝሓለፈት ክፋል 3

ትሕዝቶ .......... 2
ዕላማ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ .......... 4
መእተዊ .......... 4
እንህቦ እንታይ ዓይነት ክኸውን ኣለዎ? .......... 5
ክንድምንታይ ክንህብ ኣለና? .......... 5
ዓይነታት እስላማዊ ሓገዛት .......... 6
ንኻልኦት ምሕጋዝ ዓቕሚ እንክለናን ብሂወት እንክለናን እዩ .......... 6
ኩሉ ካብ'ታ ዘላቶ ክሕግዝ ግዴታ እዩ .......... 7
መድረኻት ማሕበራዊ ተሳታፍነት .......... 7
መድረኻት ኣብ ምውፋይ ሓገዛት ንዝተሸገሩ .......... 8
ምኽንያታት ናይ ዘይምሕጋዝ .......... 8
ንዝገበርካዮ ጽቡቕ ተግባራት ኣፍረስቲ ኩነታት .......... 9
ክትሕግዝ እንክለኻ ምስትውዓል ዘድልዮም ጉዳያት .......... 9

ንጽቡቕ ተግባር ተበጊስካ ንጥቕምታትካ ምሕላይ ........ 10
ብኸመይ ናይ ምሕጋዝ ጠባያት ከነማዕብል ከምእንኽእል ........ 11
መፍትሕ ናይ ምሕጋዝ፡ ........ 11
ንኻልኦት ምሕጋስዝ መተርከስ ልቢ እዩ ........ 11
ሳይኮሎጂካዊ መኽሰባት ምሕጋዝ ሰባት ........ 11
ግቡእ ሓገዛት ንኽይውፈ ዕንቅፋታት ዝኾኑ ረቛሒታት ........ 11
ኣወሃሃድቲ ሓገዝን ረድኤትን ከስተውዕልሉ ዝግብኡ ነገራት ........ 12
ኩሉ ካብ ረቢ ዝተወሃበና ነገር ሕድርን ሓላፍነትን እዩ ........ 12
ንኻልኦት ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ምውሳድ ኣማና እዩ ........ 12
የታይም (ዘኪታማት) ........ 12
እምነት (እሙን ምዃን) ........ 13
ኣብ ምሕጋዝ ካልኦት ግደ ዘለወን ባህርያትን ጠባያትን ........ 14

## ትሕዝቶ ናይ’ዚኣ መጨረሻ ክፋል 4

ትሕዝቶ ........ 2
ዕላማ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ ........ 4
መግለጺ ሕብረተሰብ ........ 4
ሕብረተሰብኣዊ ግዴታ ........ 5
ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነት ........ 5
መሰረት ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነት ........ 5
1. ውክልናን ሓላፍነትን (Vicegerency) ........ 5
2.ተሓታትነት (Divine Accountability) ........ 5
2.3. ንጽቡቕ ተግባር ምትብባዕን ንሕማቕ ነገር ድማ ምንጻግን (Enjoining Good and Forbidding Evil) ........ 6
ሕብረተሰብኣዊ ምዕባለ ........ 7
መርገጻትን ልምድታትን ኣብ ምዕባሌ ሕብረተሰብ ........ 7
ኣብ ምዕባሌ ሕብረተሰብ መን ይካፈል? ........ 7
ሕብረተሰብኣዊ ተሳታፍነት ........ 7
ሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ........ 8
ኣብ ናይ ማሕበራዊ ስራሓት ንዘይምክፋል ካብ ዝቐርቡ ምኽንያታት ........ 8
ንሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ከማዕብሉን ከደንፍዑን ዝኽእሉ ጠባያት ........ 9
ንሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ከዛሕትሉን ከደስክሉን ዝኽእሉ ጠባያት ........ 9
ዕዉት ሕብረተሰብ ........ 9
ውልቃውን ሕ/ሰብኣውን ተዓወት/ክዕወት ኣተሓሳስባ ኣብ እስልምና (think Win/Win) ........ 9
ንሓደ ሕብረተሰብ ዕዉት ዝገብሮ እንታይ እዩ? ........ 9
1-ትምህርቲ 2-ጥዕና 3-ሃብቲ ........ 10
ስኒትን ጥርነፈን ........ 10
ሕብረተሰብኣዊ ጥምረት ........ 10
ውድቀትን ዕንወትን ሕብረተሰብ ........ 11
መዛዘሚ ........ 11

# ዕላማ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ

እዚኣ ጽሕፍቲ "ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነትን ምትሕግጋዝን" ብዝብል ኣርእስቲ ንዝተዳለወ ጽሑፍ ሳልሰይቲ ክፋል ኮይና ናይ ምጨረሻ ራብዐይቲ ክፋል ኣብ ዝስዕብ ዘሎ መዓልታት ክትስደድ እያ።
ቀዳመይቲ ክፋል ብዕለት 08/07/2014 ተሰዲዳ
ካልኣይቲ ክፋል ብዕለት 13/07/2014 ተሰዲዳ
ሳልሰይቲ ክፋል ብዕለት 20/07/2014 ተሰዲዳ

እዛ ጽሕፍቲ ጠቓሚት ኮይና ምስእትርከብ ናይ ረቢ ሱ.ወ. ፍቓድን ሓገዝን ስለዝተሓወሳ እዩ። ዝኾነ ዝርከብ ጌጋ ድማ ናተይ ጉድለትን ድኽመትን ዘንጸባርቕ ስለዝኾነ ንእትረኽብዎም ጌጋታተይ መታን ኣብ መጻኢ ጽሑፋት ንኽእረሙ በዚኣ ኣብ ታሕቲ ዘላ ኢመይል ጌርኩም ንኸትሕብሩንን ንኸትእርሙንን ይላቦ። ዝኾነ ንመጻኢ ጽሑፋት ከመሓይሹ ዝኽእሉ ርእይቶ ይኹን መተሓሳሰቢ'ውን እንተኾነ ንምስዳድ ነዚኣ ኢመይል ምጥቃም ይከኣል እዩ።

habereta@hotmail.com

إِنَّمَا ٱلْعِلْمُ عِندَ ٱللَّهِ - وَقُل رَّبِّ زِدْنِى عِلْمًا

10-06-2018

**መግለጺ ሕብረተሰብ**
ሕብረተሰብ ክበሃል እንከሎ ተመሳሳሊ ጠባያት፣ ሃይማኖት፣ ታሪኽ፣ ባህሊ፣ ምጣነ-ሃብታዊ ትሕዝቶ፣ ልምድታትን ካልኦት ናይ ሓባር መለለይን ዘለዎም እኩባት ሰባት ኮይኖም፡ ምስካልኦት ሕብረተሰባት ኮይኖም ዝነብሩ ማለት እዩ። ኣብ መንጎ ኣባላት ሕብረተሰብ ድማ ይብዛሕ ይውሓድ ናይ ምትሕግጋዝን ምትሕብባርን ጠባያትን ባህርያትን ይረአ።

**ሕብረተሰብኣዊ ግዴታ**
ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ሓደ እስላማኢ ኣብ ልዕሊ ካልእ እስላማይ 6 ሕብረተሰብኣዊ ግዴታታት ከምዘለዋ ብስዒባ ዘላ ሓዲስ ንርዳእ፣ "ክትረኽቦ እንከለኻ ሰላም ትብሎ፣ ክዕድመካ እንከሎ ንዕድሚኡ ተቐበል፣ ሓቀኛ ምኽርኻ ከሓተካ እንከሎ ምኽርኻ ለግሶ፣ ዕንጥሽ ኢሉ 'ኣልሓምዱሊላህ' ምስዝብል 'ረቢ ይርሓመልካ' በሎ፣ ምስዝሓምም ብጽሓዮ፣ ምስዝመውት ንጀናዝኡ ንመቓብር ተኸተል"

ኣብ ካልእ ሓዲስ ስዒቡ ዘሎ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ኢሎም፣
"ኣብ ኢዱ ሩሐይ ብዘላ ይምሕል፣ ክሳብ ኣመንቲ ትኾኑ ኣብ ጀና ኣይክትኣትዉን ኢኹም፣ ክሳብ ነንሕድሕድኩም ትፋተዉ ድማ ኣመንቲ ኣይኮንኩምን። ብርግጽ ድማ ነዚ ዝፈጥረልኩም ክሕብረኩም-ኣብ መንጎኹም ሰላም ምስእተስፍኑ እዩ።" (ሰሒሕ ሙስሊም)
ኣብ ሱረት ኣል-ኒሳእ ኣያ 86 (4:86) ረቢ ሱ.ወ. ስዒቡ ዘሎ ይብል.። ሰላምታ ምስዝቐርበልኩም ካብኡ ብዝሓሸ ጌርኩም ነቲ ሰላምታ መልስዎ፣ እንተዘይኮነ ድማ ማዕረ እቲ ዝተወሃበኩም ሰላምታ ጌርኩም መልሱ ኢላ ትምዕድ።

وَإِذَا حُيِّيتُم بِتَحِيَّةٍ فَحَيُّوا۟ بِأَحْسَنَ مِنْهَآ أَوْ رُدُّوهَآ ۗ إِنَّ ٱللَّهَ كَانَ عَلَىٰ كُلِّ شَىْءٍ حَسِيبًا

**ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነት**
እዚ ሓላፍነት ብውልቀሰብ ደረጃን፣ ማሕበራትን ውድባትን ደረጃ ክለዓል ዝኽእል ኮይኑ ማሕበራትን ውድባትን ሓላፍነተን ንኸማልኣ ናይ ኣባላተን ግዱስ ተሳታፍነት ኣድላይ ይኸውን። እዚ ሓላፍነት ብሓፈሻኡ ክልተ ገጽ ዝሓዘ ኮይኑ እቲ ቀዳማይ ምጣነ-ሃብታዊ ምዕባለ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ድሕነትን ጥዕናን ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ዝምልከት ኮይኑ ናብራ ብኸመይ ይንበር መግለጺ ዝህብ እዩ። እንደገና እዚ ሓላፍነት ክልተ መልክዕ ክህልዎ ይኽእል። እቲ ቀዳማይ ካብ ነቲ ሕብረተሰብ ክሃስዮ ዝኽእል ተግባራት ምቑጣብ ኮይኑ እቲ ካልኣይ ድማ ብተገዳስነት ነቲ ሕብረተሰብ ክጠቅምን ከማዕብልን ኣብ ዝኽእሉ ስራሓት ምስታፍ እዩ።

**መሰረት ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነት**
ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነት ብስዒበን ዘለዋ ሰለስተ መትከላዊ መሰርሕ ክእለ ይከኣል።
1. ውክልናን ሓላፍነትን (Vicegerency)
እዚ መትከል ወድሰብ ጽቡቕ ተግባራት ንኽገብር ውክልናን ሓላፍነትን ኣብ መሬት ከምዝተወሃቦ ዝገልጽ እዩ። እዚ ውክልና ድማ ንኻልኦት ንኽሕግዝን ንኽረድኦን ዕድል ዝህቦ እዩ። ኣብ ሱረት ኣል-በቐራ ኣያ 30 (2:30) ስዒቡ ዘሎ ይርከብ፡

إِنِّى جَاعِلٌ فِى ٱلْأَرْضِ خَلِيفَةً ۖ قَالُوٓا۟ أَتَجْعَلُ فِيهَا مَن يُفْسِدُ فِيهَا وَيَسْفِكُ ٱلدِّمَآءَ

ኣብ ሱረት ኣል-ኣንዓም ኣያ 165 (6:165) ነዚ መረጋገጺ ስዒቡ ዘሎ የርከብ። ናይ መሬት ወካሊ ዝገበረኩም ረቢ ምዃኑ ብምንጋር፡ ንገሌኹም ካብ ካልኦት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝገበረኩም መታን በቲ ዝሃበኩም ክፍትነኩም ኢሉ እዩ እዩ ኢላ ድማ መልእኺ ተሕልፍ።

وَهُوَ ٱلَّذِى جَعَلَكُمْ خَلَٰٓئِفَ ٱلْأَرْضِ وَرَفَعَ بَعْضَكُمْ فَوْقَ بَعْضٍ دَرَجَٰتٍ لِّيَبْلُوَكُمْ فِى مَآ ءَاتَىٰكُمْ ۗ

2.ተሓታትነት (Divine Accountability)
እዚ መትከል'ዚ ንዝተወሃበካ ውክልናን ሓላፍነትን በገባብ ምስዘይተማልእ ንኹሉ ተግባራትካ ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ ኣብ ቅድሚ ረቢ ተሓታቲ ምዃንካ ዝሕብር እዩ። እዚ ድማ ኣብ ሱረት ኣል-ኒሳእ ኣያ 86 (4:86) ይርከብ።

إِنَّ ٱللَّهَ كَانَ عَلَىٰ كُلِّ شَىْءٍ حَسِيبًا

ኣብ ሱረት ኣል-ዘልዘላ ኣያ 6-8 (99:6-8) ኩሉ ሰብ ኢዱ ከምዝረክብ ብብሩህ ሰፊሩ ይርከብ። ኣብ'ታ መዓልቲ'ቲኣ (የውመል ቅያማ) ደቅሰባት ይሰርሕዎ ንዝነበሩ ተግባራት መታን ክሪኡ ፋሕ ኢሎም ብእኩብ እኩብ መልክዕ ከምርሑ ምዃኖም ትነግር። ጽቡቕ ስራሕ ወላ ኣዝዩ ንኡስ ይኹን ክንርኢ ምዃና ብምሕባር ሕማቕ ስራሕ ወላ ኣዝዩ ንኡስ ይኹን'ውን ክንርኢ ምዃንና ተብርህ።

يَوْمَئِذٍ يَصْدُرُ ٱلنَّاسُ أَشْتَاتًا لِّيُرَوْا۟ أَعْمَٰلَهُمْ (٦) فَمَن يَعْمَلْ مِثْقَالَ ذَرَّةٍ خَيْرًا يَرَهُۥ (٧) وَمَن يَعْمَلْ مِثْقَالَ ذَرَّةٍ شَرًّا يَرَهُۥ (٨)

ኣብ ሱረት ኣል-ሙደሲር ኣያ 42-43 (74:42-43) ዝርከብ ዝርርብ ኣብ መንጎ ሰብ ጀናን ሰብ ጀሃነምን ነዚ ተሓታትነት የረጋግጸልና። ሰብ ጀና ንሰብ ጀሃነም 'ናብ ጀሃነም ደኣ እንታይ ደኣ ኣእቲዩኩም?' ኢሎም ምስሓትትዎም ሰብ ጀሃነም ድማ "ካብ እቶም ዝሰግዱ ኣይነበርናን፡ ንመሳኪን'ውን ኣይነብልዕን ኔርና" ኢሎም ይምልሱሎም።

مَا سَلَكَكُمْ فِى سَقَرَ (٤٢) قَالُوا۟ لَمْ نَكُ مِنَ ٱلْمُصَلِّينَ (٤٣) وَلَمْ نَكُ نُطْعِمُ ٱلْمِسْكِينَ

2.3. ንጽቡቕ ተግባር ምትብባዕን ንሕማቕ ነገር ድማ ምንጻግን (Enjoining Good and Forbidding Evil)

እዚ መትከል ወድሰብ ንዝተወሃቦ ውክልናን ሓላፍነትን ተጠቒሙ ንጽቡቕ ተግባራት ኣስፊኡ ንሕማቕ ተግባራት ድማ ንኸወግድ ዝመርሕ እዩ። ኣብ ሱረት ኣል-ናሕል ኣያ 90 (16:90) ነዚ ብዝምልከት ስዒቡ ዘሎ ይርከብ። ብርግጽ ረቢ ፍትሕን ቅንዕናን ከምኡ'ውን ጽቡቕ ጠባያት ንኽነርኢ ይእዝዘና። ንቐረባ ዝኾኑ ኣዝማድ ድማ ግቡኦም ንኽንህቦም፤ ካብ ዘሕፍር ስራሓት ንኽንርሕቕ፤ ካብ ክፉእን ርኹስን ስራሓት ክንውገድ ከምኡ'ውን ካብ ዓማጽን ወጻዕን ዝኾነ ኣተሓሳስባ ንኽንርሕቕ ይእዝዝ።

۞ إِنَّ ٱللَّهَ يَأْمُرُ بِٱلْعَدْلِ وَٱلْإِحْسَٰنِ وَإِيتَآئِ ذِى ٱلْقُرْبَىٰ وَيَنْهَىٰ عَنِ ٱلْفَحْشَآءِ وَٱلْمُنكَرِ وَٱلْبَغْىِ ۚ يَعِظُكُمْ لَعَلَّكُمْ تَذَكَّرُونَ (٩٠)

ዝኾነ ሕብረተሰብ ምዕባለን ብልጽግናን ዝረክብ ኣብ መንጎ ኣባላት ሕብተሰብ ምትሕብባር ምስ ዝረአን ወለዲ፤ ኣረግቶት፤ ድኻታት፤ ጽጉማት፤ ሕሙማትን ዝኾነ ኣብ ሽግር ዝርከብ ኣካል ሕብረተሰብ ዝርደኣሉ ኣገባብን ስርዓትን ምስዝህሉ እዩ። ነዚ ንምዕዋቱ ድማ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ስስዔ፤ ንነብስኻ ጥራሕ ምሕሳብ፤ ብኻልኦት ዘይምግዳስ ብብዝሒ ክረአ የብሉን። ብዝያዳ ድማ ንሽግራት ሰባት ሓለይቲ መሲሎም ጥቕሞም ዝኣልዩን ዘናብዩን ምስእዝበዝሑ እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ዓቢ ሓደጋ ይርከብ ኣሎ ማለት እዩ። ንሽጉራት ንምእላይን ንጥቕምኻ ጥራሕ ካብ ምሕላይ ንምርሓቕ ዲነል ኢስላም ብቑዕ ዝኾነ መምርሒ ሒዙ ይርከብ። ንኻልኦት ምሕላይን ምግዳስን ኣብ ስድራኻን ቤተሰብካን ዝጅምር ኮይኑ ካልኦት ጽጉማትን ሽጉራትን ከምዘለዉ ኣስተውዒልካ ዓቕምታትካ ዘፍቅዶ ሓገዛትን ረድኤትን ምፍፋይ ካብ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ዝጽበ ተግባር እዩ።
ረቢ ሱ.ወ. ኣብ ሱረት ኣል ኒሳእ ኣያ 37 (4:36-37) ነዚ ብዝምልከት ስዒቡ ዘሎ ይብለና። ንረቢ ንኽንግዛእ ካልእ ሽርካ ድማ ንኸይንገብረሉ፡ ንወለድና ብጽቡቕ ንኽንሕዞም፤ ከምኡ'ውን ንቐረባ ንዝኾኑ፤ ንየታማትን ድኻታት ንዝኾኑን ንኽንሕግዝ ብምእዛዝ፤ ዘመድ ንዝኾነ ጎረቤትን ዘመድ ንዘይኮነ ጎረቤት፤ ኣብ መገሻ ንዘለዉ፤ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና ንዘለዉ እውን ንኸይንርስዕ ረቡ ሱ.ወ. ይእዝዘና። ረቢ ንኽሩዓትን ትዕቢተኛታትን ከምዘይፈቱ ብምንጋር እዞም ባዕላቶም ሰሲዖም ኻልኦት'ውን ንኽስስዑ ዝእዝዙ፤ ረቢ ንዝሃቦም ንዕማ ዝሓብኡን ንኸሓድቲ ብርቱዕ መቕጻዕቲ ተዳሊዩ ከምዘሎ እዛ ኣያ ትነግረና።

۞ وَٱعْبُدُوا۟ ٱللَّهَ وَلَا تُشْرِكُوا۟ بِهِۦ شَيْـًٔا ۖ وَبِٱلْوَٰلِدَيْنِ إِحْسَٰنًا وَبِذِى ٱلْقُرْبَىٰ وَٱلْيَتَٰمَىٰ وَٱلْمَسَٰكِينِ وَٱلْجَارِ ذِى ٱلْقُرْبَىٰ وَٱلْجَارِ ٱلْجُنُبِ وَٱلصَّاحِبِ بِٱلْجَنۢبِ وَٱبْنِ ٱلسَّبِيلِ وَمَا مَلَكَتْ أَيْمَٰنُكُمْ ۗ إِنَّ ٱللَّهَ لَا يُحِبُّ مَن كَانَ مُخْتَالًا فَخُورًا (٣٦) ٱلَّذِينَ يَبْخَلُونَ وَيَأْمُرُونَ ٱلنَّاسَ بِٱلْبُخْلِ وَيَكْتُمُونَ مَآ ءَاتَىٰهُمُ ٱللَّهُ مِن فَضْلِهِۦ ۗ وَأَعْتَدْنَا لِلْكَٰفِرِينَ عَذَابًا مُّهِينًا (٣٧)

ረድኤትን ግብረሰናይን ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ፍትሕን ተጻዋርነትን ከምጽኡ ካብ ዝኽእሉ መሳረሒታት እየን። ኣብ እስልምና ክልተ ዓይነት ረድኤት ይርከብ። እቲ ቀዳማይ ግዴታዊ ዝኾነ ዘካት (زكاة) ኮይኑ እቲ ካልኣይ ድማ ብድሌትካ እተውጽኦ ሰደቓ (صدقة) እዩ። ኣብ ሱረት ኣልበቐራ ኣያ 110 (2:110) ብዛዕባ ጽቡቕ ተግባራት ምግባር ድሕሪ ሰላት ተጠቒሱ ይርከብ።እዛ ኣያ ሰላት ንኽንሰግድ፤ ንድኻታት ንኽንህብ፤ ዝኾነ እንገብሮ ጽቡቕ ስራሓት ድማ ንነፍስና ምዃኑ ካብ ረቢ ድማ ክንረኽቦ ምዃና ብምሕባር፡ ረቢ ድማ ንእንገብሮ ኩሉ ዝርኢ ምዃኑ ትሕብር።

وَأَقِيمُوا۟ ٱلصَّلَوٰةَ وَءَاتُوا۟ ٱلزَّكَوٰةَ ۚ وَمَا تُقَدِّمُوا۟ لِأَنفُسِكُم مِّنْ خَيْرٍ تَجِدُوهُ عِندَ ٱللَّهِ ۗ إِنَّ ٱللَّهَ بِمَا تَعْمَلُونَ بَصِير

ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ከምዝበልዎ እቲ ዝበለጸ ረድኤት ጠምዩ ንዘሎ ምዕንጋል ኮይኑ ናይ ማንም ሰብ ሃብቲ ንግብረሰናይ ስለዘውጻሉ ዝጎድል ኣይኮነን።

ንኻልኦት ንኽትሕግዝ ኢልካ ኣብ ማሕበራዊ ስራሓት ምስታፍ ናይ ዝኾነ እስላማይ ግቡእን ግዴታን እዩ። ወላኳ መብዛሕትኡ ሰብ ነዚ ሓላፍነት ብውልቀ ደራጃ ዘካይዶ እንተኾነ ብሓባር ኮንካ ዝካየድ ንብዙሓት ክጠቅምን ከገልግልን ዝኽእል እዩ። ብዙሓት ኣሕዋት ንግቡእ ዝኾነ ዘካት ናብ ቤተሰቦም ብምስዳድ ካልኦት ጽጉማት ሓገዝቲ ኣሕዋትን ኣዝማድን ዘይብሎም ከምዘለዉ ወላ እንተፈለጡ ብዙሕ ኣድህቦ ኣይህብዎን። ንቤተሰቦም ብዝገብርዎ ጥራሕ ዕጉባት ይኾኑ። እዚ ኣተሓሳስባ ግን ብዓይኒ ዲን ይኹን ብዓይኒ ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነት ቅኑዕ ኣይኮነን።
ንኻልኦት ምሕጋዝ ረቢ ሱ.ወ. ንዝሃበካ ጸጋን በረከትን ምስጋና ምርኣይ ማለት እዩ። ጥዕና ዘለዎ ንዝሓመመ ክሕግዝ፤ ሃብቲ ዘለዎ ንድኻ ክሕግዝ፤ ዝበላዕ ዘሎዎ ንዝጠመየ ክዕንግል፤ ዝኸደን ዘለዎ ንዝዓረቐ ክኸድን ኣልሓመዱሊላህ ምባል እዩ። ድሕሪ ናይ ረቢ ዒባዳ እቲ ዝዓበየ ስራሕ ንሽጉራትን ጽጉማትን ምሕጋዝ እዩ። ኣብ ዝተፈላለየ ቦታት ቁርኣን ከምኡ'ውን ሓዲስ ከምዝሰፈረ መሰረት እስልምና ኣብ ክልተ መትከላት ዝቖመ እዩ፤ እቲ ቀዳማይ ዒባዳ ረቢ ኮይኑ እቲ ካልኣይ ድማ ንደቅሰባት ምሕጋዝ እዩ። ናይ ሓደ ኣማናይ እምነት ምሉእ ዝኸውን ክልቲኡ ብሓንሳብ ምስዝማላእ ጥራሕ እዩ። ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ብዝበልዎ መሰረት ኣብ

መሬት ንዘለዉ ራሕማ ኣርእዩ ረቢ ሱ.ወ. ድማ ራሕማ ክህበኩም ኢሎም። እዚ ዘርእየና ዝኾነ ስራሕትን ዒባዳን ውጽኢት ዝህልዎ ናይ ካልኦት ሰባት ሽግራትን ጸበባን ናይ ምልጋስ ስራሓት ምስ እዝሕወሶ ጥራሕ ምዃኑ እዩ።
ነዚ ኣብ ሕውነት ዝተመርኮሰ ሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ረቢ ሱ.ወ. ኣብ ሱረት ሑጁራት ኣያ 10 (49፡10) ክገልጾ እንከሎ ስዒቡ ዘሎ ይብል። እዛ ኣያ ከምእትሕብሮ ኣመንቲ ዝኾኑ ኩሎም ኣሕዋት ምዃኖም ብምሕባር፤ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ድማ ስኒትን ምትሕግጋዝን ክንፈጥር ከምዘለና ትምዕድ። ካብ ረቢ ሱ.ወ. ራሕማ ንኽንረክብ ድማ ንረቢ ክንፈርሕ ከምዘለና ትነግር።

إِنَّمَا الْمُؤْمِنُونَ إِخْوَةٌ فَأَصْلِحُواْ بَيْنَ أَخَوَيْكُمْ وَاتَّقُواْ اللَّهَ لَعَلَّكُمْ تُرْحَمُونَ

እዚ ሕውነት ዕዉት ንኽኸውን ስዒበን ዘለዋ ኩነታት ክማላኣ ኣለወን፤

1. ***<u>ሕውነታዊ ፍቕሪ፤</u>*** ምእንቲ ረቢ ኢልካ ንኻልኦት ምፍታውን ንነብስኻ እትደልዮ ጽቡቕ ነገር ንኻልኦት ምምናይ። ኣብ ሰሒሕ ቡኻሪ ከምኡ'ውን ኣብ ሰሒሕ ሙስልም ረሱል ሰ.ዓ.ወ. "እንድሕር ንነብስኹም እትፈትውዎ ንኻልእ እውን ዘይትፈትዉ ኮይንኩም ሓቐኛ ኣመንቲ ኣይኮንኩምን" ኢሎም።
2. ***<u>ነንሕድሕድካ ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን፤</u>*** ንዝተሸገረ ብዘለካ ዓቕሚ ምሕጋዝን ምድጋፍን
3. ***<u>ነንሕድሕድካ ርህራህን ተገዳስነት ምርኣይን።</u>*** ንሽጉር ሓውኻ ኣብ ኩነታቱ ኮንካ የሕልፎ ንዘሎ ኣብ ቦትኡ እንተዝኸውን ኢልካ ምሕሳብ።
4. ***<u>ነንሕድሕድካ ይቕረ ምብህሃልን ሙሳመሓ ካብ ነንሕድሕድካ ምሕታት፡</u>*** ቅርንሕቲ ከይሓዝካ ሕውነትካ ምድልዳል ተግባራዊ ምዃን፡ ንዘበልካ ጽቡቕ ትምኒታትን ጥዑም መልሓስን ብተግባር ንደገፍን ሓገዛትን ምርኣይ

**<u>ሕብረተሰብኣዊ ምዕባሌ</u>**

ዕዉት ዝኾነ ሕብረተሰብኣዊ ምዕባሌ ንምፍጣር ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ባዕሉ ንባዕሉ ንነብሱ እንድሕር ዘየማዕበለ ካልእ ተገዲሱ መጺኡ ከማዕብሎ ዝኽእል ናይ ደገ ኣካል ከምዘይለ ናይ ምእማን መንፈስ ምስ ዝሰፍር እዩ። እቲ ዝለዓለ ደረጃ ዓወት ዝርከብ መብዛሕትኡ ኣካል እቲ ሕብረተሰብ ሓላፍነቱ ፈሊጡ ተሳታፍነቱ ብምርግጋጽ ኩሉ ዓቕሙ ዘፍቅደሉ እጃሙ ምስዘወፈ እዩ። ሓደ ሕብረተሰብ ዕዉት ምዃኑ ዝምዘን ህዝቡ ብዝነበሮ መነባብሮን ብኣገባብ ኣማውትኡን እዩ።

1. ምዕባል ሕብረተሰብ ናይ ደቅሰባት ድሌት ንምምላእ ብኹሉ ኩርናዓት ክረአ ዘለዎ እዩ
2. ምምዕባል ሕብረተሰብ ግዜ ዝወስድ ነዊሕ መስርሕ እዩ
3. <u>ቀጻሊ ምዕባሌ ዝርከብ ኩሉ ግዲኡን ዝኽእለቱን ምስዘበርክትን ምስዝሳተፍን እዩ</u>
4. <u>ቀዳማይ ደረጃ ሕብረተሰብኣዊ ምዕባሌ ዝረጋገጽ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ትምህርቲ ምስዘስፋሕፍሕ እዩ</u>

***<u>መርገጻትን ልምድታትን ኣብ ምዕባሌ ሕብረተሰብ</u>***

ሕብረተሰብኣዊ ምዕባሌ ብተሳታፍነት ናይ ሓባር ዕላማ ዘለዎም ሰባት ዝካየድ ኮይኑ ንዘሎ ሓይልን ትሕዝቶን ኣብ ናይ ሓባር ዕላማን ምዕባለን ንኽውዕል ብሓንሳብ ኮይኖም እንዳተማሃሩን እንዳተደጋገፉን ጻዕርታት የካይዱ። ዝኾነ ሰብ ኣብ ሂወቱ ለውጢ ክገብር ኣብ ዝኽእል ዝካየድ ዘሎ ሓባራዊ ጻዕርታት ተግባራዊ ተሳታፍነት ተበግሶ ዘየርኢ ኮይኑ፡ ካልኦት ከማዕብልዎን ኣብ ሂወቱ ለውጢ ክገብሩን ኣይክእሉን እዮም። ደቅሰባት ብትእዛዝን ብኻልኦት ስለዝጥለብን ክምዕብሉ ኣይክእሉን እዮም። ኩሉ ሰብ ኣብ ባዕላዊ ምዕባሌኡ ብናቱ ድሌትን ሓላፍነትን ዘካይዶ እዩ። ብተጽዕኖ ዝካየድ ለውጢ ሓቀኝነት ሒዙ ቀጻሊ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

**<u>ኣብ ምዕባሌ ሕብረተሰብ መን ይካፈል?</u>**

ኣብ ሕብረተሰብ ለውጥታት ንምምዝጋብን ምዕባሌ ንምፍጣርን ውልቀሰባት፤ ማሕበራት፤ ውድባት ወይ ብውልቂ ወይ ድማ ብሓባር ኮይነን ጻዕርታት ክካየድ ይከኣል።

**<u>ሕብረተሰብኣዊ ተሳታፍነት</u>**

ኣብ ሕብረተሰብኣዊ ንጥፈታት ተሳታፍነት ምርኣይ ኣብ መንጎ ሰባት ዘሎ ርክባት ብምድልዳል ናይ ሓድነት ስምዒት ብምፍጣር ኣብ ጽቡቕን ሕማቕን ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ክምዝሰፍን ይገብር። እዚ ሓድነትን ምትሕግጋዝን ኣብ ነፍስ-ወከፍ ኣካል ሕብረተሰብ ዕግበት ብምፍጣር ኣብ ምዕባሌ ሕብረተሰብ ኣወንታዊ ግደ ከምዝጻወት ይገብር።
ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ስዒቡ ዘሎ ኢሎም፤ "ሓደ ካባኹም ሕማቕ ምስዝርኢ ኢዱ ሓዊሱ ይኣርሞን ይቐይሮን፤ እንድሕር ዘይከኣለ ብምልሓሱ ገይሩ፤ እንድሕር ዘይከኣለ ድማ ብልቡ - እዚኣ ግን እታ ዝደኸመት ኢማን እያ።"
ኣብ ሱረት ኣል-ናህል ኣያ 90 (16፡90) ብዛዕባ ፍትሕን ጽቡቕ ጠባያትን ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ንኽሰፍን ክስራሓሉ ከምዘለዎ መዘካኸርን ይርከብ።

إِنَّ اللَّـهَ يَأْمُرُ بِالْعَدْلِ وَالْإِحْسَانِ وَإِيتَاءِ ذِي الْقُرْبَىٰ وَيَنْهَىٰ عَنِ الْفَحْشَاءِ وَالْمُنْكَرِ وَالْبَغْيِ ۚ يَعِظُكُمْ لَعَلَّكُمْ تَذَكَّرُونَ

ኣብ ሱረት ኣል-ዒምራን ኣያ 104 (3፡104) ስዒቡ ዘሎ ኣያ ይርከብ። ብትሕዝቶኣ ናብ ጽቡቕ ስራሓት ዝጽውዑ፡ ንቕኑዕ ስራሓት ዝሕወስዎ ንሕማቕ ስራሓት ድማ ዝነጽጉ ሕብረተሰብ ክወጹ ምዃኖም ብምሕባር እዚኦም ድማ ዕዉታት ክኾኑ ምዃኖም ትነግር።



ኦ ጎይታይ! ፍልጠት ወስኸኒ
ውልቃውን ሕ/ሰብኣውን ምዕባሌ

وَلْتَكُنْ مِنْكُمْ أُمَّةٌ يَدْعُونَ إِلَى الْخَيْرِ وَيَأْمُرُونَ بِالْمَعْرُوفِ وَيَنْهَوْنَ عَنِ الْمُنْكَرِ ۚ وَأُولَٰئِكَ هُمُ الْمُفْلِحُونَ

**<u>ሕብረተሰብኣዊ ስራሓት</u>**

ዕላማ ምቛም ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ኣባላቱ ንዘለዎም ድሌታት ንምምላእ ኮይኑ ነፍስ-ወከፍ ኣባል ድማ ብሓባር ኮይኑ ነናይ ሕድሕዱ ድሌታት ንምሕላው ምኧኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቲ ዋና ሓላፍነት ናይ ነፍስ-ወከፍ ኣካል ሕብረተሰብ ድማ ሓገዝ ንዘድልዮም ምሕጋዝ፤ ንዘደኸሙን ዝሓመሙን ምእላይ ዝኣመሰሉ ዕማማት እዮም። በዚ ኣገባብ ድማ ንሽግራቶምን ጸገማቶምን ባዕሎም ክፈትሑ ንዘይክእሉ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ምትሕብባር ምርኣይን ምድጋፍን እዩ። እዚ ምትሕግጋዝ ምስዘይርከብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ኣብ ዕንወትን ጥፍኣትን ዘምርሕ ምኧኑ ታሪኽ ዝመስከሮ እዩ።
ዲነል-ኢስላም ነፍስ-ወከፍ ኣካል ሕብረተሰብ ናይ ሕብረተሰቡ ሃናጻን ጠቓምን ንኽኸውን ዘተባብዕን ዝመርሕን ዲን እዩ። ኩሉ ጽቡቕ ተግባር ከም ሓገዝ (ሰደቓ) ዝቑጸር ኮይኑ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. "ነፍስ-ወከፍ እስላማይ ሰደቓ ከህብ ኣለዎ" ኢሎም።

ኣብ ሱረት ኣል-ሹራ ኣያ 38 (42፡38) ነዚ ሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ነንሕድሕድካ ብምምኽኻር ክኸውን ከምዘለዎን ካብ ዝተወሃበና ክንህብ ከምዘለንና ብዝምልከት ስዒቡ ዘሎ ኣያ ይርከብ፡

وَٱلَّذِينَ ٱسْتَجَابُوا۟ لِرَبِّهِمْ وَأَقَامُوا۟ ٱلصَّلَوٰةَ وَأَمْرُهُمْ شُورَىٰ بَيْنَهُمْ وَمِمَّا رَزَقْنَـٰهُمْ يُنفِقُونَ

እዛ ኣያ ምትሕግጋዝ ክህሉ ከምዘለዎ ካብ ምሕባር ሓሊፉ ንዴሞክራሲ (ብሓባር ኮንካ ምዝታይ) እትምህር ኣያ እያ።
ኣብ መንጎ ንዘርከቡ ጉዳያት ብሓባር ብምምኻር ክፍታሕ ከምዘለዎ ትነግር።

ስራሓት ሕብረተሰብኣዊ ምዕባሌ ኣብ ስዒበን ዘለዋ ነጥብታት ዘተኮረ እዩ፤

1. ጠምዩ ዝሓድር ንኸይህሉ
2. ኩሉ መጽለልን መዕረፍን ቦታ ክህልዎ ከምዘለዎ
3. ኩሉ ሕክምና ዝረኽበሉ ኩነታት ምፍጣር
4. ኩሉ ኣብ መነባብሩ ሰላምን ቅሳነትን ክረክብ
5. ኩሉ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ንኽህልዎ
6. ኩሉ ስራሕ ዝረኽበሉ ኩነታት ምፍጣር

ብሕጽር ዝበለ ኣዘራርባ ድኽነት ኣጥፊእካ ኩሉ ብሰላም ሰሪሑ ዝኣትወሉ ኩነታት ምፍጣር እዩ።

**<u>ኣብ ናይ ማሕበራዊ ስራሓት ንዘይምክፋል ካብ ዝቐርቡ ምኽንያታት</u>**

1. ግዜ የብልናን
2. ምስ ማዕበሉ ንሕወሶ
3. እንታይ ቁምነገር ገይሮም ርኢናዮም እና'ሞ
4. ዓሌት ዓሌት እንዳበልኩም መፈላለዩ ኢኹም ትገብሩ ዘለኹም
5. ናይ ሓባር ንኹሉ ክጥርንፍ ዝኽእል ሓደ ማሕበር ዘይትገብሩ
6. ካልእ ሽም ማሕበር ምረጹ

እዚኣን ኩለን ምኽንያታት ብስዒበን ዘለዋ ነጥብታት መሰረት ቅቡላት ኣይኮኑናን።

1. **<u>ግዜ የብልናን</u>**
   ተገዳስነትን ድሌትን እንድሕር ኣሎ ኮይኑ ግዜ ምስኣን ብቑዕ ምኽንያት ኣይኮነን።
2. **<u>ምስ ማዕበሉ ንሕወሶ</u>**
   ምዕባሌ ብናይ ኩሉ ግዱስ ተሳታፍነት ዝምዝገብ እዩ። ውልቀ-ሰባት ተበግሶ ክወስዱ ይኽእሉ። ዓወት ዝረጋግጽ ግን ብውልቀሰባት ጥራሕ ዘይኮነስ ብናይ ሓባር ተሳትፎ እዩ።
3. **<u>እንታይ ቁምነገር ገይሮም ርኢናዮም እና'ሞ</u>**
   ኩሉ ተሳታፊ ንምዕባሌ ኣወንታዊ ሽነኻት ንኽሕዝ ግዴን ሓላፍነትን ኣለዎ
4. **<u>ዓሌት ዓሌት እንዳበልኩም መፈላለዩ ኢኹም ትገብሩ ዘለኹም</u>**
   እዚ ዕላማ ናይ ማሕበር ዝውስኖ ኮይኑ ናይ ግድን መፈላለዩ ክኸውን ዝኽእል ኣይኮነን። በንጻሩ ኣብ መንጎ ዓሌታትን ኣካላት ሕብረተሰብን መራኸቢ ድልድል ክኸፍት ዝኽእል ኮይኑ ኣብ ናይ ሃገር ምዕባሌ ኣወንታዊ ግደ ክጻወት ይኽእል
5. **<u>ናይ ሓባር  ንኹሉ ክጥርንፍ ዝኽእል ሓድ ማሕበር ዘይትገብሩ</u>**
   እዚ’ውን ክግበር ኣይከኣልን ማለት ኣይኮነን። ኮይኑ ግን ኩለን ማሕበራት ዝተፈላለየ ጥቕምን ዕላማን ክህልወን ስለዝኽእል ከም ኣሉታዊ ጌርካ ክውሰድ የብሉን። በንጻሩ ደኣ ማሕበራት እንዳማዕበላን ሕድሕዳዊ ምክብባርን ምርድዳእን እንዳርኣያ ምስዝኸዳ ናይ ሓባር ዕላማን ሽቶን ክሕንጽጻሉ ዘይክእላሉ ኣገባብ ኣይክህልውን እዩ።
6. **<u>ካልእ ሽም ማሕበር ምረጹ</u>**
   እቲ ኣዝዩ ረቋሒ ዝኾን ጌጋ መልእኽቲ ከመሓላልፍ ዝኽእል ሽም ዘይምምራጽ ኮይኑ ኣትኩሮ ክወሃቦ ዘለዎ ዕላማን ሽቶን ማሕበር እዩ።

**<u>ንሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ከማዕብሉን ከደንፍዑን ዝኽእሉ ጠባያት</u>**

1. ሕብረተሰብኣዊ ፍቕሪ - ፍትወትን ሓልዮትን ህዝብኻ
2. ስኒትን ምክብባርን
3. ምትሕልላይ ነንሕድሕድካ ትሕትና ምርኣይ
4. ዘይምጥምማት - እንድሕር ገይርም ከገብር ኢየ ኢልካ ግቡእካ ዘይምርሳዕ (ተበግሶኻ ካልኦት ዝውስንዎ ዘይኮነስ ናትካ ባዕላዊ ምልክኻ ይኹን)
5. ዓቕምኻ ብዘፍቀደልካ ተሳታፍነት ምርኣይን ዓቕምኻ ዘፍቀደልካ ምውፋይ
6. ምትሕብባርን ልግስን ምርኣይ
7. ንእትህቦ ሓገዝን ደገፍን ኣናኢስካ ዘይምርኣይ
8. ካልኦት በታ ዓቕሞም ንዘውፍይዎ ዘይምስትንኣስን ዝያዳ ንኽገብሩ ተጽዕኖታት ዘይምግባር
9. ካልኦት እታ ዓቕሞምን ዕግበቶምን ዘፍቀደሎም የበርክቱ ምህላዎም ምእማን
10. ንኻልኦት በገባብን ብዘይምስትንዓቕን ግቡኦም ንኽገብሩ ምዝኽኻር

ነንሕድሕድካ ጽቡቕ ተግባራት ምርኣይ ክርሳዕ ከምዘይብሉ ኣብ ስዒቡ ዘሎ ሱረት ኣል-በቐራ ኣያ 237 (2:237) ተገሊጹ ይርከብ። እዚኣ ኣያ ከምእትሕብሮ ነንሕድሕድና ጽቡቕ ስራሓት ምግባር ክንርስዕ ከምዘይብልና ብምዝኽኻር፤ ረቢ ድማ ንእንገብሮ ዝርኢ ምኳኑ ትነግር።

وَلَا تَنسَوُاْ ٱلۡفَضۡلَ بَيۡنَكُمۡۚ إِنَّ ٱللَّهَ بِمَا تَعۡمَلُونَ بَصِيرٌ

**<u>ንሕብረተሰብኣዊ ስራሓት ከዛሕትሉን ከደስክሉን ዝኽእሉ ጠባያት</u>**

1. እንታይ ገደሰኒ ምባል
2. እንድሕር ዘይገብሩ ኮይኖም ኣነ'ውን ኣይገብርን ምባል
3. ምስ ማዕበሉ ቀስ ኢሉ ይሕወሶም
4. "እንታይ ቁምነገር ገይሮም እሞ" ኢልካ ንናይ ካልኦት ስራሓት ምንኣስ
5. በጀካ ሃቡ እንታይ ይፈልጡ ኢልካ ድሕር ምባል
6. ዝሰርሕ ኪጋ ከምዝኽእል ዘይምእማንን ንዝርከቡ ጌጋታት ኣጋኒንካ ምዝርጋሕ
7. ንዝርከቡ ሽግራትን ጸገማትን ተቐዳዲምካ ናብ ውልቀሰባት ንምጽጋዕ ምፍታንን ሓላፍነትካን ግዴኻን ምርሳዕ
8. ዓወት ክምዝገብ እንከሎ "ኣነ'ድየ" ወይ ድማ "ንሕና'ዲና" ኢልካ ምጅሃር፡ ጌጋታትን ፍሽለትን ክርከብ እንከሎ ድማ "ንሱ'ንድዩ" ወይ ድማ "ንሶም'ንድዮም" ኢልካ ንኻልኦት ምኽሳስን ኣብ ጥርጠራ ምእታውን
9. ሓንሳብ ጌጋ ምስዝርከብ፡ ንዝተገብረ ካልእ ጽቡቕ ተግባራትን ነገራትን ምድምሳስ
10. ኣብ ስራሓት ንዝርከቡ ጌጋታት ከዕረዩ ከምዘይክእሉ ጌርካ ብምውሳድ ኢድካ ምስሓብ
11. ጽቡቕ ክኸይድ እንከሎ ተሳታፍነትን ተገዳስነትን ምርኣይ፡ ጸገማት ከጓንፍ እንከሎ ቀልጢፍካ ኢድካ ምስሓብ
12. ኣወንታዊ ተበግሶታት ንዝወሰዱ ዘይምትብባዕ ወይ ድማ ምንኣስ

**<u>ዕዉት ሕብረተሰብ</u>**

ሕብረተሰብኣዊ ምትሕግጋዝ ክህሉ ከምዘለዎን ናይ ኩሉ ሓላፍነት ከምዝኾነን ስዒባ ዘላ ኣያ (ሱረት ኣል-ተውባ ኣያ 71 (9:71)) በብሩህ ተርእየና። እዛ ኣያ ኣመንቲ ዝኾኑ ሰብኣይ ይኹን ሰበይቲ፤ ነንሕድሕዶም ኣለይቲ ምኳኖም ብምንጋር፡ ንጽቡቕ ነገር ንኽሕወስዎ፤ ንሕማቕ ነገር ድማ ንኽነጽግዎ ከምኡ'ውን ሰላት ብምስጋድ፤ ዘካት የውጽኡ፤ ንረብን ረሱልን ድማ ይምእዘዙ። ነዚኦም ድማ ረቢ ክርሕመሎም ምኳኑ ተብርህ።

وَٱلۡمُؤۡمِنُونَ وَٱلۡمُؤۡمِنَٰتُ بَعۡضُهُمۡ أَوۡلِيَآءُ بَعۡضٖۚ يَأۡمُرُونَ بِٱلۡمَعۡرُوفِ وَيَنۡهَوۡنَ عَنِ ٱلۡمُنكَرِ وَيُقِيمُونَ
ٱلصَّلَوٰةَ وَيُؤۡتُونَ ٱلزَّكَوٰةَ وَيُطِيعُونَ ٱللَّهَ وَرَسُولَهُۥٓۚ أُوْلَٰٓئِكَ سَيَرۡحَمُهُمُ ٱللَّهُۗ إِنَّ ٱللَّهَ عَزِيزٌ حَكِيمٞ

**<u>ውልቃውን ሕ/ሰብኣውን ተዓወት/ከዕወት ኣተሓሳስባ ኣብ እስልምና (think Win/Win)</u>**

መሰረታዊ ትሕዝቶ እስልምና ተዓወት/ከዕወት ዝብል ኣተሓሳስባ (think Win/Win) እዩ። ከምንኣብነት ሓደ ሰብ ንኻልእ ሽጉር ሓገዛቱ ምስዘወፍየሉ ወሃብን ተቐባልን ዕዉታት ይኾኑ። ወሃባይ ኣብ ሂወቱ ቅሳነት ብምርካብ ኣጅሪ ድማ ካብ ረቢ ሱ.ወ. ይረክብ። ተቐባል ሓገዝ ድማ ጸገማቱ ይቃለሉ ምናልባት'ውን ቀዋሚ ዝኾነ መፍትሒ ይረክብ ይኸውን።

**<u>ንሓደ ሕብረተሰብ ዕዉት ዝገብሮ እንታይ እዩ?</u>**

ናይ'ዚ መዐቀኒ ዝተፈላለዩ ኣረኣእያታት ዝርከቡ ኮይኖም መብዛሕትኦም ኣፍልጦ ዘለዎም ሰብ-ሙያ ንስዒበን ዘለዋ ሰለስተ ረቛሒታት ዝለዓለ ኣገዳስነት ይህብወን፤

1-ትምህርቲ 2-ጥዕና 3-ሃብቲ

መፍትሕ ናይ ጽቡቕ ጥዕናን ብልጽግናን ከምኡ'ውን ኣደ-ምዕባሌ ተባሂላ ትጽዋዕ ትምህርቲ እያ። ድንቁርናን ድኽነትን ናይ ምጥፋእ ስራሓት፡ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ከምዝስፋሓፋሕ ብምግባር እዩ። መብዛሕትኦም እዞም ሰበ-ሙያን ኣብ ታሪኽ ዝነበሩን ዘለዉን መራሕቲ ዝሰማምዕሉ ጉዳይ እንተሃሊዩ፤ ንሓደ ሕብረተሰብ ዕዉት ዘብሎ ንድኹማቱን ዝተሸገሩን በገባብ ዝኣልይ ሕብረተሰብ ምስዝኸውን እዩ ዝብል ኣተሓሳስባን እምነትን እዩ። ስዒበን ዘለዋ ገለ ኣብ ታሪኽ ዝነበሩ መራሕቲ ዝበልወን እየን፡

- ✓ "ናይ ሓንቲ ሃገር ዕቤት ዝምዘን፡ እታ ሃገር ድኹማት ንዝኾኑ ኣባላት ሕብረተሰባ ብኸመይ ኣገባብ ከምዝእለዩ ብምርኣይ እዩ " *~ ማህተማ ጋንዲ (ንህንዲ ካብ ግዝኣት እንግሊዝ ነጻ ንምውጻእ ካብ 1915 ክሳብ 1947 ዝተቓለሰ መራሒ)*
- ✓ "ደረጃ ስልጣነ ናይ ዝኾነት ሃገር ዝዕቀን፤ እታ ሃገር ንድኹማታ ብኸመይ ከምእትኣልዮም ብምርኣይ እዩ"
  *~ ዊንስተን ቸርችል (ካብ 1940 ክሳብ 1955 መራሒ ዓደንግሊዝ)*
- ✓ "ሓደ ሕብረተሰብ ብኸመይ ንድኹማት ከምዝኣልዮም ርኢኻ ዝፍረድ እዩ"
  *~ ሃሪ ትሩማን (ካብ 1945 ክሳብ 1953 ናይ ኣሜሪካ ፕሬዚደንት)*
- ✓ "ነጻነት ብዘይተማህረ ሕብረተ-ሰብ ትርጉም ኣይለብስን'ዩ"
  *~ ሸኽ ዓብዱልቃድር ከቢረ*

<u>**ስኒትን ጥርነፈን**</u>

ኣብ ሱረት ኣል-ኣንፋል ኣያ 63 (8፡63) ጥርናፌ ኣብ ልቢ ከምዝጅምርን ሓድነት ድማ ረቢ ሱ.ወ. ምስዝሕወሶ ዝርከብ ምዃኑ ይሕበረና።

وَأَلَّفَ بَيْنَ قُلُوبِهِمْۚ لَوْ أَنفَقْتَ مَا فِى ٱلْأَرْضِ جَمِيعًا مَّآ أَلَّفْتَ بَيْنَ قُلُوبِهِمْ وَلَـٰكِنَّ ٱللَّهَ أَلَّفَ بَيْنَهُمْۚ إِنَّهُۥ عَزِيزٌ حَكِيمٌ

ብዝዓባ ጥርናፈ ሕብተሰብ ኣብ ቁርኣን ሱረት ኣል-ዒምራን ኣያ 103 (3፡103) ሕብረተሰብኣዊ ምትእስሳርን ጥርናፈን ኣድላይ ምዃኑ ብብሩህ ተገሊጹ ይርከብ። እዚኣ ኣያ ንናይ ረቢ ሱ.ወ. ንዕማ ክንዝክር ከምዘልና ብምዝኽኻር ኣብ መንገዲ ረቢ ሱ.ወ. ሓደ ብምዃን ኣብ መንጎና ምፍልላይ ንኸይርከብ ትምዕድ።

وَٱعْتَصِمُوا۟ بِحَبْلِ ٱللَّهِ جَمِيعًا وَلَا تَفَرَّقُوا۟ۚ وَٱذْكُرُوا۟ نِعْمَتَ ٱللَّهِ عَلَيْكُمْ إِذْ كُنتُمْ أَعْدَآءً فَأَلَّفَ بَيْنَ قُلُوبِكُمْ فَأَصْبَحْتُم بِنِعْمَتِهِۦٓ إِخْوَٰنًا وَكُنتُمْ عَلَىٰ شَفَا حُفْرَةٍ مِّنَ ٱلنَّارِ فَأَنقَذَكُم مِّنْهَاۗ كَذَٰلِكَ يُبَيِّنُ ٱللَّهُ لَكُمْ ءَايَـٰتِهِۦ لَعَلَّكُمْ تَهْتَدُونَ

ሓደ ሕብረተሰብ ሓደ ኣካል ከምዝኾነ ረሱል ሰ.ዓ.ወ. ዝበልዎ ኣብ ሰሒሕ ሙስሊም ተመዝጊቡ ከምዝርከብ ስዒቡ ዘሎ ሓዲስ ይሕብረና፤
"ሓደ ሕብረተሰብ ልክዕ ከምሓደ ሰውነት እዩ፤ ሓደ ክፍሊ ኣካል ምስዝሓምም እቲ ዝተረፈ ካልእ ኣካል ብረስንን ድቃስ ምስኣንን ይትንከፍ።"

<u>**ሕብረተሰብኣዊ ጥምረት**</u>

እዚ ጥምረት ኣብ መንጎ ሓደ ሕብረተሰብ ዘሎ ሓድነትን ምትእስሳርን መግለጺ ኮይኑ ሓደ ዲን ስለዘለካ፤ ካብ ሓደ ዓዲ ወይ ቦታ ስለዝኾንካ፤ ሓደ ዓይነት ባህሊ፡ ጸገማትን ሽግራትን ዝኣመሰሉ ኩነታት ስለዘለካ ዝተበገሰ ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዘሎ ጥምረት ደልዲሉ መታን ቅሳነት መታን ስዒበን ዘለዋ 5 ቅድመ-ኩነታት ከማላኣ ኣለወን፤

1. <u>ነገራዊ ቅድመ-ኩነት፤</u> ደሓን ዝኾነ ህይወት ንምምራሕ መሰረታዊ ዝኾኑ ነገራት እዮም። እዚኦም ድማ ከም ስራሕ፤ መግቢ፤ ፍሉጥ እትዋት፤ ጥዕና፤ ትምህርቲ፤ መነባበሪ ገዛ ዝኣመሰሉ ነገራት እዮም። ንኣብነት ሳእኒ ስራሕ ንዝተፈላለዩ ጸገማት ሒዙ ዝመጽእ እዩ።
2. <u>ሕብረተሰብኣዊ ስነ-ስርዓት፤</u> እቲ ሕብረተሰብ ክሳብ ክንደይ ሰላም ረኺቡ ይነብርን ነጻነት ኣለዎን ዝሕብር ኮይኑ ብዘይ ፍርሒ ንናብርኡ ዘካይደሉ ኩነታት የመልክት። ኣብ መንጎ ሰባት ዘሎ ምክብባርን ተጻዋርነትን ኣብ'ዚ ይኣቱ።
3. <u>ሕብረተሰብኣዊ ምትሕግጋዝ፤</u> ትሕቲ'ዚ ዝስርዑ እቲ ሕብረተሰብ ክሳብ ክንደይ ነንሕድሕዱ ይግደስን ይተሓጋገዝን ዝሕብር እዩ። ውጽኢት ናይ'ዚ ድማ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ምትእምማን ይሰፍን።
4. <u>ሕብረተሰብኣዊ ምትእስሳር</u>፤እቲ ሕብረተሰብ ክሳብ ክንደይ ሓደ ኣካል ምዃኑ ይስምዖ መግለጺ ብምሃብ ነቲ ሕብረተሰብ መንነቱ የልብሶ።
5. <u>ሕብረተሰብኣዊ ማዕርነት፤</u> ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ክሳብ ክንደይ ናይ እትዋት፤ ኩነታት መነባብሮ፤ ጥዕና፤ ትምህርቲ ዝኣመሰሉ ነገራት ፍልልይ ኣሎ መግለጺ ይህብ።
   ጽሟቕ ናይ'ዘን ሓሙሽተ ክረአ እንከሎ እንድሕር ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ምትሕልላይን ምትሕግጋዝን ሰፊኑ እቲ ሕብረተሰብ ቅሳነት ከምዘለዎ ክግለጽ ይከኣል።

**ውድቀትን ዕንወትን ሕብረተሰብ**

ንሓደ ሕብረተሰብ ናብ ውድቀት ክመርሕዎ ካብ ዝኽእሉ ነገራት ዘይምትሕግጋዝ፤ ኣብ ነንሕድሕድካ ምትእምማን ዘይምህላው፤ ሓሶት፤ ቅንኢ፤ ሕሜት፤ ነንሕድሕድካ ምጽላም፤ ምክድዳዕ፤ ሓድነት ዘይምርኣይ፤ ነንሕድሕድካ ምስላይ፤ እምነት ምፍራስ፤ ኣሕሊፍካ ምውህሃብ፤ ተበላጽነት ምርኣይ፤ምስጢር ዘይምዕቋብ፤ ምትላል፤ ጉቦ ዝኣመሰሉ ጠባያት ምግላጽ ይከኣል።
ኣብ ሱረት ኣል ሓጀራት ኣያ 12 (49፡12) ካብ ዘይግቡእ ጥርጣሬ ክንውገድ ከምዘለና ብምጥንቃቅ ብርግጽ ገለ ጥርጣሬታት ዘንቢ ዝሓዙ ምዃኖም ትነግር። ነንሕድሕድኩም ኣይትሳለዩ ከምኡ'ውን ኣይትተሓማመዩ ድማ ኢላ ትምዕድ። ምሕማይ ማዕረ ስጋ ዝሞተ ሓዉኻ ከምምብላዕ ይመዛዘን።

يَـٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ ٱجْتَنِبُواْ كَثِيرًا مِّنَ ٱلظَّنِّ إِنَّ بَعْضَ ٱلظَّنِّ إِثْمٌ ۖ وَلَا تَجَسَّسُواْ وَلَا يَغْتَب بَّعْضُكُم بَعْضًا ۚ أَيُحِبُّ أَحَدُكُمْ أَن يَأْكُلَ لَحْمَ أَخِيهِ مَيْتًا فَكَرِهْتُمُوهُ ۚ وَٱتَّقُواْ ٱللَّهَ ۚ إِنَّ ٱللَّهَ تَوَّابٌ رَّحِيمٌ

ኣብ ሱረት ኣል-ራዕድ ኣያ 11 (13፡11) ክሳብ ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ነፍሶም ዘሎ መጀመርያ ዘይቀየሩ ረቢ ንኩነታቶም ከምዘይቅይሮ ትነግር። እንድሕር ረቢ ንሓደ ሕብረተሰብ ሕማቕ ደልይሎም ኮይኑ ዝምልሶ ወላሓደ ነገር ከምዘየለን በንጻሩ ድማ ብጀከኡ ድማ ዝከላኸለሎም የለን።]

إِنَّ ٱللَّهَ لَا يُغَيِّرُ مَا بِقَوْمٍ حَتَّىٰ يُغَيِّرُواْ مَا بِأَنفُسِهِمْ ۗ وَإِذَآ أَرَادَ ٱللَّهُ بِقَوْمٍ سُوٓءًا فَلَا مَرَدَّ لَهُۥ ۚ وَمَا لَهُم مِّن دُونِهِۦ مِن وَالٍ

ኣብ ሕብረተሰቦም ኣዎንታዊ ዝኾነ ናይ ምዕባሌ ግደ ከወፍዩ ዝደልዩ ውልቀሰባ ምስ ካልኦት ብምሕባር ብዕቱብን ተገዳስነትን ኣብ ተግባራዊ ስራሓት ዘይካፈሉ ኮይኖም፡ ተበግሶኦም ኣብ ሓሳብ ጥራሕ ኮይኑ ብምትራፍ ኣብ ሕብረተሰቦም ክጻወትዎ ዝኽእሉ ግደን እጃምን ውሑድ ይኸውን።

**መዛዘሚ**

ዕዉት ዝኾነ ሕብረተሰብ ዝፍጠር ነፍስ-ወከፍ ውልቀሰብ ሓላፍነቱ ፈሊጡ ምስ ቀረባ ኣሕዋትን ኣዝማድን ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ምርኣይ ጥራሕ ዘይኮነ ንኻልኦት ኣካላት ሕብረተሰብ ናይ ምትሕብባር ድሌት ምስዘርኢ እዩ።

الله أعلم

---

رَّبَّنَآ إِنَّنَا سَمِعْنَا مُنَادِيًا يُنَادِى لِلْإِيمَـٰنِ أَنْ ءَامِنُواْ بِرَبِّكُمْ فَـَٔامَنَّا ۚ رَبَّنَا فَٱغْفِرْ لَنَا ذُنُوبَنَا وَكَفِّرْ عَنَّا سَيِّـَٔاتِنَا وَتَوَفَّنَا مَعَ ٱلْأَبْرَارِ

---